# ቃል መንእሰይ ፍስሓየ ሓጎስ
# ኣብ ሓባራዊ ኣኼባ ሰ.ዲ.ኤ፡ ኤ.ህ.ምን ሰ.ህ.ኤን

## ሓባራዊ ዜናዊ ሽማግለ
19.09.2009

ፍስሃየ ሓጎስ መንእሰይን፡ ኣብ ድሕሪ ነጻነት ከኣ ኣባል ቀዳማይ ዙሪያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ኮይኑ ምስ መሓዙቱ ንዘይተወሰነ ዓመታት፡ ኣብ ዶባዊ ሆናትን፡ ኣብ ዘይፍትሓዊ መደብ ህንጸት ሃገር ጉልበቱን ርሃጹን፡ ዕድመ ንእስነቱ ንከንቱ ከፊሉ፡ ፍረ ዘይብሉ ኮይኑ ምስ ረኸቦ፡ ብዘይድሌቱ ቤተ ሰቡን ዓዱን ገዲፉ ሎሚ ኣብ ናብራ ስደት ይርከብ። መንእሰይ ፍስሃየ ሓጎስ ዝተነፈጎ መሰሉን ክብሩን፡ መሰል ህዝቡን ንኽምለስ ኣብ ስሩዕ ቃልሲ ምስ ህዝባዊ ምንቅስቓስ ኤርትራ ተሰሊፉ፡ ንህዝቡን ሃገሩን ካብ ዓደራዕ ጭቆና ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ዲ.ፍ ሓራ ንኽውጽእ መሰል ህዝቢ ንክኽበር ዓቕሙ ብዘፍቕዶ ግቡኡ ኣብ ምፍጻም ይርከብ።

ኣብ ሓባራዊ ኣኼባ ሰለስተ ተቃወምቲ ሓይልታት ህ.ም.ኤ፡ ሰ.ዲ.ኤን፡ ሰ.ህ.ኤ ምስ ብጾቱ ተሳቲፉ፡ ኣብ'ቲ ዝኸይድ ዝነበረ ክትዓት ርእይትኡ ክዛረብ ምስ ሓተተ፡ ተርኡ በጺሑ፡ ካብ'ቲ ዘልዓሎ ወይ ርእይቶ ክህበሉ ዝመረጸ ጉዳይ ተሳትፎ ህዝብና ኣብ ተቃውሞ ደምበ ብፍላይ መንእሰይት ንዝምልከት ነበረ።

ፍስሃየ ሓጎስ ሙሉእ ሓሳባቱ ኣብ መርበብ ሓበሬታ ክጽሕፎ'ኳ እንተኸኦነ፡ ሓባራዊ ዜናዊ ሽማግለ ሓሳቡ ተኻፊልዎ ብምንባሩ ምስ'ቲ ሓበሬታ ኣተኣሳሲሩ ክብሎ ዝመደቦ'ዩ።

"ኣብ ኤርትራ ካብ ነዊሕ እዋን፡ ኣዝዩ ነዊሕ ዓመታት፡ ኣነን መሓዙተይን ዘየርከብናሉ፡ ግን ከኣ ብያታ ንሰምዖ፡ ብታሪኽ ከኣ እነንብቦ ናይ ሎሚ ገገለ ኣቦ ሓጎታትና፡ ገገለ ኣቦታትና ኣደታትናን ናይ'ቲ ሽዑ እዋን መንእሰያት ዝነበሩ፡ ኣብ መመድረኹ፡ ኣብ ግዜ መግዛእቲ ብሓፈሻ፡ ኣብ ግዜ ብረታዊ ተጋድሎና ከኣ ብፍላይ ኣብ ዝተፈላለየ ዓውደ ቃልሲ ሓደ ታሪኽ ፈጺሞም ሓሊፎም ኣለዉ።

እዚ ኣብ'ቲ ግዜ ንእሰነቶም ዝፈጸምዎ ታሪኽ፡ ክሳብ ሎሚ ብኣንክሮት እንዝክሮ፡ ብሂወቶም ንዘለዉን፡ ጅግንነት ፈጺሞም ንዝሓለፉ ዝምልከት ናይ ኤርትራዊ መንእሰይ መወዳደሪ ዘይብሉ ታሪኽ'ዩ።

እዚ ክብል እንከለኹ ግን ኩሉ ክርደኣኒ ዘለዎ ነገር እንታይ እዩ፡ ናይ ሎሚ መንእሰይ ኣይሞተን፡ ኣይቆሰለን ኣይሰርሐን፡ ኣይተዋግአን፡ ኣይተገፍዐን ማለተይ ኣይኮንኩን። ግን እቶም ኣብ'ዚ ዘሎናዮ ዕድመ እንከለዉ፡ ንመሰሎም፡ ንመሰል ህዝቦም፡ ንማሕበራዊ ፍትሒ፡ ዝሞቱን ዝተመቑሑን ዝእሰሩን ዝነበሩ ኤርትራውያን መንእሰያት፡ ዝተሰውኡ ብመስዋእቶም፡ ዝተኣሰሩ ብእስራቶም፡ ከይተንበርከኹ ንመግዛእቲ እምቢ ስለዝበሉን፡ ብሞትን ማእሰርትን ከይተሰናበዱን ከይረዓዱን ስለ ዝበድሁ፡ ቃልሲ ህዝቢ ቀጻልነት ክህልዎን ክሳብ ነጻነት ክበጽሕን ገይሮም'ዮም።

ናይ'ዚ ሎሚ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝወርድ ዘሎ ግፍዕን መከራን፡ ናይ'ቶም ዝሓለፉ መንእሰያት ናይ ሎሚ ኣቦታትና፡ ተምሳል እምቢነት፡ ተምሳል ኣድማ፡ ተምሳል ተቓውሞ የድልይና ኣሎ፡ በዚ ኣቢልና ከኣ ነቶም ድሕረና ዝመጹ መንእሰያት፡ ዘሕብን ታሪኽ ክንገድፈሎም።

እቲ ዝገርመኒ ነገር እንተሃለወ፡ ሎሚ እቶም ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ዲ.ፍ ብዝለዓለ ዝቃወምዎ ዘለዉ እቶም ኣብ ወጻኢ ኣብ ደምበ ተቃውሞ ዝርከቡ ኣቦታትናን፡ ኣደታትናን ብተዛማዲ ኣብ ዝሓሸ ናብራ፡ ስራሕ ዘለዎም፡ ገሊኦም ዝተማህሩ፡ መብዛሕትኦም ድማ ናይ'ቲ ዝነብርሉ ሃገር ዜግነት ዘለዎም'ዮም። በዚ መለከዒ ክትርእዮ እንከለኻ፡ እዞም ሰባት ኣብ መጻኢ ሂወቶም ብዙሕ ጸገም ክህልዎም ይኽእል'ዩ ዝበሃል ኣይኮነን። እንተኾነ ኣብ ህዝቦምን ሃገሮም ዘለዎም ሓላፍነት ካብ'ቲ ናይ ቀደም መንእሰያት እንከለዉ ዘንበርዎ ሚዛን፡ ኣብ ማዕርነትን ፍትሕን፡ ሰላምን ቅሳነት ዝብል ኣድማሳዊ ኣተሓሳስባ ነቕ ዘየብለ መትከላዊ ጽኑዕ ዝኾነ መርገጽ ስለዝሓዙ'ዮም። ኣብ'ዚ ዘሎና መድረኽ ደረጃ መነባብርኦም ከም'ቲ ኣብ ላዕሊ ዝገለጽክዎ ኮይኑ እንዳሃለወ፡ ገና ከይደኸሙ ነቲ ብስርዓት ህ.ግ.ዲ.ፍ ዝተደሃኸ መእሰይ ኣብ ቃልሲ ከሳትፉ፡ መሰሉ ክሓትት፡ ዳስ ተኺሎም ክዕድምዎን ከከላኽልሉን ይረኣዩ ኣለዉ። ዝገርም'ዩ።

ከም ርእይቶ ኣቲ ኣብ ትሕቲ ምልካዊ ስርዓት ህ.ግ.ዲ.ፍ ክጭፍለቕ ዝጸንሐን፡ ዝጭፍለቕ ዘሎ፡ ገና'ውን ብዝተፈላለየ መንገዲ ንመሰሉ ንኽይቃለስ ዕንቃፋት ዘጋጥሞ ዘሎ መንእሰይ፡ ኣቦታቱን ኣደታቱን ኣብ ዝተኸልዎ ዳስ ዘይኮነስ፡ ባዕሉ ዳስ ተኺሉ ጸገማቱ ክሕብርን ክነግርን ዝነበሮን ዝግብኦን መንእሰይ'ዩ ዝብል ሓሳብ ኣሎኒ።

በዚ ከኣ፡ ከም'ቶም ቅድም ክብል ዝጠቐስክዎ፡ ንመሰሎም ተቓሊሶም ዘቃለሱን፡ ታሪኽ ዝጸሓፉን ቀዳሞት መንእሰያት ኤርትራ፡፣ንሕና ከኣ ብተራና ታሪኽ ክንጽሕፍ እንተንብገስ፡ ደምበ ተቃውሞ ዘይዕጸፍ ሓይሊ ምኾነ ነይሩ" ብምባል ሓሳቡ ደምዲሙ።